# ቀንዲ ስራ እዚ ዓመት

ኣብዚ ዓመት ቀንዲ ስራሕ ኣብያተ ዕዮ ክልልና ኣብ መሰረታዊ ለውጢ ከይዲ ስራሕ ምኻኑ ይፍለጥ። እዚ ብምኻኑ ድማ ቢሮ ህንፀት ዓቕሚ ዝዓበየ ስራሕ ግዚኡ ሰዊኡ ኣብዚ ጉዳይ ይንቀሳቐስ ኣሎ። ኣብዚ ሐዚ እዋን ብዙሓት ኣብያተ ዕዮ ኣብ ምትግባር መሰረታዊ ለውጢ ከይዲ ስራሕ ተፀሚደን ኣለዋ። ቢሮ ህንፀት ዓቕሚ ሓለፍነት ወሲዱ ብፃዕቒ እናተኸታተለ እቲ መደብ ቀልጢፉ ክትግበርን ናብ ስራሕ ክእቶን ዘይተሓለለ ፃዕሪ እናገበረ ይርከብ።

*ኣብ ክልልና ቁልፊ መደብ ኮይኑ ኣብ ከይዲ መፅናዕቲ ዝርከብ መሰረታዊ ለውጢ ከይዲ ስራሕ /BPR/ ካብ ዝተጀመረሉ እዋን ኣትሒዙ በቢ እዋኑ እናተገምገመ ምምዕኡ ይዝከር። ብመሰረት'ዚ ዛጊድ በፂሕዎ ዘሎ ኹነታት ዝስዕብ ይምስል።*

*1. ብመሰረት ኣብ ወርሒ ታሕሳስ 2000 ዓ/ም ተመሓይሹ ዝወፁ ክልላዊ ትልሚ መፅናዕቲ መሰረታዊ ለውጢ ብጉጅለ ቴክኒካል ክልል ዝተፈፀሙ ተግባራት ኣብ ክልልና ካብ ቢሮ ህንፀት ዓቕምን ካብ 3 ኮሌጃት ክልልናን ዝተውፃዕአ 6 ኣባላት ዘለዎ ኮሚቴ ቴክኒክ ከምእተጣየሸ ይፍለጥ። ዝፈፀሞም ቐንዲ ተግባራትድማ ፣*

*1.1. መራሕቲ ከይዲ ስራሕ (ዛር) / Czar/ ኩለን ቢሮታት ብምእካብ ካብ ፌደራል ሰብ ሙያን ኪኢላታትን ዝተረኸበ ድጋፍን ስልጠናን ክዖምቃን ክውደባን ብምግባር እቲ ዝተረኸበ ተሞክሮ ኣመልኪቱ ዝርዝር ገምጋም ብምክያድ ኣብ ዝስዕቡ ጉዳያት ብክልል ብርኪ ኣብ ምርድዳእ ክብፃሕ ተገይሩ እዩ።*

- *ብፌደራል ዝተገበረ ሓገዝ መሰረታዊ ቴክኒካል ፍልጠት ዘትሓዘና ብምኻኑ መፅናዕቲ BPR ኣብ ምዕዋት ልዑል እጃም ስለዝነበሮ ፣ቐፃልነት'ውን ክህልዎን ከምዝግባእ*
- *ኣብ ክልልና ተጣይሹ ኣብ ምንቅስቓስ ዝርከብ ቴክኒካል ጉጅለ ብተመሳሳሊ መንገዲ ኣብ ኣብያተ -ዕዮ እናተረኸበን መፅናዕቲ BPR ቢሮታት በብብርኩ እናገምገመን ዝተጠናኸረ ቴክኒካዊ ሓገዝ ክህብ ከምዝግባእ፣*
- *ኣብ ቢሮታትና ብዛዕባ መትከላት /Principles/ክልስ ሓሳባትን/theories/ብሉፃት ተሞክሮታት/Best –practice/ መሰረታዊ ለውጢ ከይዲ ስራሕ/BPR/ፍልጠት ውሱንነት /Knowledge gap/ ብምህላው እቶም ዘለው መፃሕፍቲ*

ምንባብን ምርዳእን ኣካል መፅናዕቲ BPR ተገይሩ ክውሰድ ስምምዕነት ተበፂሑ፣

- ብፌደራል ኣካላት ዝተውሃቡ ሪኢቶታት መሰረት ብምግባር ኣብ ኩለን ኣብያተ-ዕዮ ኣብ ዝሓፀረ እዋን ግቡእ መስተኻኸልን ምትዕሪራይን ምግባር ከምዘድልን ብመሰረት'ዚ ድማ ትልምና ምኽላስ/Revise) ምግባር ከምዝግባእ፣

1.2. ቢሮታት ኣብ 4 ምድብ ብምክፋል መዓልታዊ ክትትልን ድጋፍን ስልጠናን ኣብ ምሃብ ንርከብ። ከምኡ'ውን ብፌደራል ዝተውሃቡ ሀናፅቲ ሪኢቶታት ብኣብያተ -ዕዮ ከመይ ይሰርሕ ከምዘሎ ዝተፈላለዩ ሓገዛትንምሃብ ቸክሊስት ተዳልዩ ሓገዝ ይግበር ኣሎ።

1.3. ንቢሮ ትምህርቲ፣ ቢሮ ንግዲ/ኢንድስትሪን ትራንስፖረትን፣ ቢሮ ሰራሕተኛን ማህበራዊ ጉዳይን፣ ቢሮ ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ፣ ቢሮ ልምዓት ከተማን ኮንስትራክሽንን ብፅሑፍ ዘቅረብዎ መፅናዕቲ ብምግምጋም ኣድላይ ሓበሬታን ምስትኽኻልን ንክግበር ቴክኒካል ሓገዝ፣ ኣመራርሓን ዉሳነን ኣብዘድልዩ'ውን ውሳነ እናሃበ ይርከብ።

1.4. ንኹሎም ኣባላት ካብኔን ኣመራርሓ ወረዳን ዞባን ብዛዕባ እንታይነት፣ ኣድላይነትን ዕላማን መፅናዕቲ መሰረታዊ ለውጢ ከይዲ ስራሕ ንሓደ መዓልቲ ስልጠና ተዋሂቡ፣

ካብቲ ስልጠና ዕቡቕ ግንዛበ ተረኺቡ ንቐፃላይ ስልጠና ከምዘድሊ ድማ ተኣሚንሉ። ኮይኑ ግና ዝተርኣዩ ዝንባለታትን ስግኣታት ፡-

- ቁርፀኝነት ዝብል ኣሎዶ ዝብል ምጥርጣራት
- ኣብ ከማና ዝበለ ኩነታት ናይ ኣሜሪካ ተሞክሮታት ይሰርሕ ድዩ?
- ዝሓለፈ ሪፎርም ዘይተገምገመን እዚ ረብሕኡ ከመይ'ዩ ዝብሉ?

1.5 ተወሰኽቲ ኣውራ ከይዲ ስራሕ ንዝመረፃ ቢሮታት ዘዋፍርኦም ሓደሽቲ ተሳተፍቲ ስልጠናታት ተዋሂቡ

1.6 ዝተረኸቡ ዝተፈላለዩ ሓገዝቲ ፅሑፋት ንዝምልከተን ኣካላት ክውሃብ ይግበር ኣሎ።

መሰረታዊ ለዉጢ ከይዲ ስራሕ /BPR/ ኣንፈት ኣቐሚጡ መፅናዕቲ BPR ክምራሕን ክዛዘምን ተተሊሙ ምንባሩ ይዝከር። ብቲ ዝተቐመጠ መንገዲ

ተንቀሳቓሰን እተን መሰረታዊ ለዉጢ ከይዲ ስራሕ ዝፍፅማ ዘለዋ ኣብያተ ዕዮ ዝርከባሉ ደረጃ ተነፂረን እየን። ካብ ቀዳማይ ብርኪ እስካብ 4ይ ብርኪ ዘለዋ ሕድሕደን ተቐሚጠን።

## 2. ኣብ ቐዳማይ ብርኪ ዝተመደባ ቢሮታት (Group A1)

2.1. ኣብ ጉጅለ A1 ተመዲበን ዝነበራ ኣብያተ ዕዮ / ቢሮታት/

- ቢሮ ሓበሬታ
- ቢሮ ሕርሻን ልምዓት ገጠርን
- ቢሮ ንግድን ኢንድስትሪን፣ትራንስፖርትን (ዘፈር ትራንስፖርት)
- ቢሮ ሓለዋ ጥዕና እንትኾና፣

### 2.2 ኣብ ቐዳማይ ብርኪ ካልኣይ ምድብ ዝነበራ ቢሮታት(Group A2)

ኣብዚ ምድብ ዝነበራ ቢሮታት ካብዚ ዓመት መጀመሪያ ኣትሒዘን (ሓምለ 1999) ኣድላይ ምድላውን ምንቅስቓስን ዝጀመራን፣ ካብ ፌደራል ብዝርከብ ብሉፅ ተሞክሮ እንተይኮነስ ብመሰረት መትከላትን ከልስ ሓሳባትን BPR ባዕለን መፅናዕቲ ከካይዳ ዝተሓሰባ ቢሮታት'የን።

- ቢሮ ፋይናንስን ኢኮኖሚያዊ ልምዓትን
- ቢሮ ሀንፀት ዓቕሚ
- ቢሮ ማይ፣ ማዕድንን ኢነርጅን
- ቢሮ ንግድን ኢንድስትሪን ትራንስፖርትን(ዘፈር ትራንስፖርትን እንተይሓወሰ)
- ቢሮ ልምዓት ከተማን ኮንስትራክሽንን
- ቢሮ ትምህርቲ፣

### 2.3. ኣብ ካልኣይ ብርኪ ቀዳማይ ምድብ ዝነበራ ቢሮታት (Group B1)

ኣብዚ' ምድብ ዘለዋ ቢሮታት ኣብ ታሕሳስ 2000 ዓ/ም መፅናዕቲ ንክጅምራ ብስትሪንግ ኮሚቴ ውሳነ ዝተውሃበን 4 ኣብያተ -ዕዮ እየን።

- ቢሮ ሰራሕተኛን ማህበራዊ ጉዳይን
- ቢሮ ስፖርትን መናእሰይን
- ቢሮ ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ

ኮምሽን ትምህርትን ስልጠናን(TVET)፣

## 2.4. <u>ኣብ ካልኣይ ብርኪ  ካልኣይ ምድብ (Group B2/</u>

ኣብዚ´ ምድብ ዝርከባ ኣብያተ -ዕዮ ዝስዕባ´የን

- ቤት ፅሕፈት  ምክልኻል HIV/AIDS
- ቤት ፅሕፈት ምምሕዳርን መሬት ከባቢ ሓለዋን
- ኢነስትትዩት ምርምር ሕርሻ

## 2.5. <u>ኣብ ሳልሳይ ምድብ ዝርከባ /(Group C/</u>

ኣብዚ´ ምድብ ዘለዋ ኣብያተ -ዕዮ ገና መፅናዕቲ BPR ዘይጀመራ እየን፡-

- ቤት ፅሕፈት ርእሰ ምምሕዳር
- ቤት ፅሕፈት ቤት ምኽሪ ክልል ተግራይ
- በዓል መዚ´ መንገድታት ትግራይ
- ኤጀንሲ ልምዓት ኣባይቲ

ኢንተርፕራይዝ ኮንስትራክሽን ማይ ትግራይ፣

# 3. <u>ኣብ ከይዲ መፅናዕቲ መሰረታዊ ለውጢ ከይዲ ስራሕ/BPR/ ዘጋጠሙ ፀገማትን መፍትሒ ሓሳባትን፣</u>

### 3.1. <u>ሕፀረት ክኢላ ሓይሊሰብ</u>

መብዛሕትኦን መፅናዕቲ BPR ዘካይዳ ኣብያተዕዮ ቁልፊ ፀገመን ኣብ መፅናዕቲ ዝሳተፉ ብቑዕ ክእለትን ፍልጠትን ዘለዎም ክኢላታት ዘይምርካብ እዩ። እዚ ፀገም ብቐልጡፍ እንተዘይተፈቲሑ መፅናዕቲ BPR ብዝድለ ዕርየትን እዋንን ንምፍፃም ስለዘፀግም ሕድ ሕድ ቢሮ ምስ ስሩዕ ስራሕቱ ብምውዳድ ብቑዕ ዝኾነ ሓይሊሰብ ክምድብ ትፅቢት ይግበር።

### 3.2. <u>ዓቕምታት ክልላዊ ቴክኒካል ጉጅለ ዉሱን ምዃኑ</u>

ዝተወደበን ምእኹልን ቴክኒካዊ ዓቕሚ ምፍጣር ንመፅናዕቲ BPR ወሰንቲ ካብዝኾኑ ነገራት ሓደ እዩ። ይኹንምበር ኣብ ክልልና ዘሎ 6 ኣባላት ዝሓዘ ቴክኒካል ጉጅለ ምስ ብበዝሒ መፅናዕቲ ጀሚረን ዘለዋ ኣብያተ ዕዮ ዝጠልብኦ ድጋፍን ምክርን እንትነፃፀር ትሑት መጠን ዘለዎ ምዃኑ ርዱእዩ። ነዚ ቐንዲ ፀገም ድማ  ካብ ቢሮታት ክስሓቡ ተባሂሎም ዝነበሩ ክኢላታት ብቅልጡፍ ናብቲ ጉጅለ ዘይምምፅኦም እዩ። ኣብዚ መዳይ ቢሮ ህንፀት ዓቕሚ ካብ ኮለጃትን

*ወረዳታትን ኪኢላታት ብምትእኽኻብን ስልጠና ብምሃብን እቲ ቴክኒክ ጉጅለ ክጠናኸር መደብ ሒዙ'ሎ።*

3.3. ***<u>ብመሰረት ትልሚ ዘይምኻድ</u>***

*ኣብ መብዛሕትኤን ቢሮታት መፅናዕቲ መሰረታዊ ለውጢ /BPR/ በቲ ዝድለ እዋንን መጠንን ዕርየትን ኣብ ምኻድ ዝተፈላለዩ ፀገማት የጋጥሙ ምህላዎም ርዱእ'ዩ። መፅናዕቲ ኽይዲ መሰረታዊ ለውጢ /BPR/ በቲ ዝተተለመሉ እዋን ዘይምኻድ ድማ ዓብይ ኣሉታዊ ሳዕቤን ከምዘለዎ ዝሰሓት ኣይኮነን። ስለዚ ሕድ ሕድ ቢሮ ብመሰረት ዘውፅኦ ትልሚ ክንቀሳቐስን ክትግበርን ናይ ሓለፍቲ ትኹረት ክገብርሉ ይግባእ።*

3.4. ***<u>ኣብ ሓቢርካ ምስራሕን ምውዳድን ዘለው ፀገማት /interface/</u>***

*ኣብ መፅናዕቲ /BPR/ ተመሳሳሊ ዕማምን ተገልጋላይን ዘለወን ኣብያተ ዕዮ ሓቢርካን ተዋዲድኻን ምስራሕ ኣድላይን ኣገዳሲን እዩ። ኣብ ኣካላት ፍትሒ ክልልና ዘሎ ሓቢርካ መፅናዕቲ መሰረታዊ ለውጢ ከይዲ ስራሕ /BPR/ ምኽያድ ኣብነታውን ንካልኦት ኣብያተ -ዕዮ መንግስቲ ክልልና መምሃሪይን እዩ። ብተመሳሳሊ መንገዲ ኣብ ካልኦት ቢሮታት ዘሎ ከይዲ መፅናዕቲ መሰረታዊ ለውጢ/BPR/ ቢሮታት ኣብ ዘራኽብዎም ተግባራት /interface/ ተዋዲድካን ተሓባቢርካን ኣብ ምኻድ ካብ ድማሮ ዝሓለፈ ምንቅስቓስ ወፃኢ ብዙሕ ዝተኸየደሉን ኣይኮነን። ብምኻኑ ንቐፃላይ እተን ሓቢሮም ምስራሕ ዘይጀመሩ ኣብያተ- ዕዮ ኣብ ሓባራዊ ኽይዲታት ስራሕ ሓቢሮምን ተዋዲዶምን ክሰርሑ ትፅቢት ይግበር።*